# ትምህርቲ መሰረት ፍልጠትን ምዕባለን ኢዩ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
**15.07.2005**

ትምህርቲ፣ ንዕብየት ወድሰብን ንልምዓት ሃገርን መተካእታ ዘይርከቦ ጕደና ኢዩ። ስለዚ ኢዮም ውን ኣቦታትና "ዘይተማህረ ነየድሕን፣ ዘይተወቕረ ነየጥሕን" ክብሉ ዝመሰሉ። ስርዓት ኢሳያስ ግን፣ ነዚ ሓቂዚ ብቫልእ ንዕኡ ዘገልግል እምነት ንምትካእ ኢሉ፣ ኣብ ናይ ጕልበት ስራሕ ተዋፊርና ብዙሕ ፍልጠት ኣጠራቒምና፣ ን2006 መንቀሊ ዝኾነና፣ ዓቕሚ ደሊብና ክብል እተሰምዐ። ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ብስራሕ ዝርከብ ፍልጠት፣ ፈጺሙ የለን ወይ ኣድላዩነት የብሉን ዝብል እምነት እኳ እንተዘይብልና፥ መተካእታ ናይቲ ካብ ቤት ትምህርቲ ዝርከብ ፍልጠት ከምዘይኮነ ግን ንሓንቲ ህሞት ውን ትኹን ኣይንጠራጠርን ኢና። ስለዚ ከኣዩ ህዝብና ከብዱ ብጥምዩ፣ ዝባኑ ብዕሩቑ፣ ደቁ ንምምሃር ቀዳምነት ክህብ ዝጸንሐ። ሕጂ ውን፣ እንተዝሕተት ካብ ትምህርቲ ንላዕሊ ኣብሊጹ ዝርእዮ ካልእ ምርጫ ከምዘይብሉ ምገለጸ ነይሩ። ጕዳይ ትምህርትን ጕዳይ ተመሃሮን ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ኣብ ኣዝዩ ኣተሓሳሳቢ ዝኾነ ደረጃ ኢዩ በጺሑ ዘሎ። ስርዓት ኢሳያስ፣ ንጕዳይ ትምህርቲ ምስ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ኣተሓሒዙ ክርእዮ ስለዝፈተነ፣ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፣ ተመሃሮን መምህራንን ድማ ብፍላይ ግዳይ ናይ ግጉይ ፖሊሲታቱ ክኾኑ ገይርዎም ኢዩ።

እቲ ስርዓት፣ ብግስ ከይበለ፣ ዝኾነ ይኹን መጽናዕቲ ከይወሰደ፣ ትምህርቲ ብቋንቋ ኣደ ክካየድ ኣለዎ ዝብል ፖሊሲ ከምዘተኣታተወ ዝዝከር ኢዩ። እዚ ድማ ኣብ ህዝቢ ብፍላይ ከኣ፣ ኣብቲ ንቋንቋ ዓረብ ከም ቋንቋ ናይ ትምህርትን ፍልጠትን፥ ከም ናይ መጻኢ ዕድሉ ዝውስን ቋንቋን፥ ከም መእተዊ ናይ ሃይማኖታዊ እምነቱን ዝፈልጣ ክፋል ናይ ህዝብና ደቅና ናብ ትምህርቲ ኣይንሰድድን ኢና ዝብል ብርቱዕ ተቓውሞ ኣስዒቡ ኢዩ። ኣብ ርእሲዚ፣ ናይ ኤርትራ ቋንቋታት፣ እንተላይ ትግርኛ፣ ካብ ውሱን ደረጃ ትምህርቲ ንላዕሊ፣ ከም ናይ ፍልጠት መቕሰሚ ቋንቋታት ከገልግል ዝኽእል ከምዘይኮነ ኻሮሉ ርዱእ ኢዩ። እዚ ኵሉ ኣብ ዓለም ተጻሒፉ ዘሎ መጽሓፍቲ ብቋንቋታት ኤርትራ ክትትርጕሞ ፈጺሙ ዘይከኣል ኢዩ። እትረፍዶ ሃገራት ኣፍሪቃ፣ ሃገራት ኣውሮጳ ውን፣ ጌና ነቲ ናይ እንግሊዘኛ መጽሓፍቲ ናብ ቋንቋታቶም ንምትርጓም ምሉእ ብምሉእ ኣይተዓወትሉን ዘለዉ።

ኣብ ርእሲዚ፣ ተመሃሮን መምህራንን ናብቲ ደረት ግዜ ዘይብሉ ናይ ግዱድ ዕስክርና መደባት ምእታው፣ ንትምህርቲ ኣብ ኤርትራ ብኣሉታ ኢዩ ጸልዩዎ። ብሰንኪዚ ፖሊሲ፣ ብዙሓት መንእሰያትን መምህራንን ንስደት ከምርሑ ተገዲዶም ኢዮም። ዋላ እቶም ናይ ትምህርቲ ዕድል ኣብ ወጻኢ ዝረኸቡ ተመሃሮ ውን፣ በብዝኸድዎ ዑቕባ ክሓቱ ኢዮም ተራእዮም።

ስርዓት ኢሳያስ፣ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቲ፣ ኣብ ወተሃደራዊ መደበር ታዕሊም ሳዋ ክውሃብ ምውሳኑ፣ ንግደ ሕብረተ-ሰብን ወለድን ኣብ ትምህርቲ ዝሓጸረ፤ ንተመሃሮ ድማ፣ ካብ ምውቕ ናይ ቤት ትምህርትን ናይ ስድራ ቤታውን ሃዋህው መዝሒቑ፣ ንናይ ወተሃደራዊ ስነ-ስርዓትን ወተሃደራዊ መቕጻዕትን ጽምዋን ዘጋለጸ ኣዝዩ ሃሳዪ ተመኵሮ ኢዩ ኰይኑ። ብሰንኪዚ ተሪር መቕጻዕቲዚ ዝሞቱን ኣእሙሮኦም ዝሰሓቱን ከምዘለዉ ውን ኵሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ብዙሓት ካልኦት መንእሰያት ድማ፣ ካብዚ ጽንኩር ኵነታትዚ ንምምላጥ፣ ቅድሚ 12 ክፍሊ ምብጽሖም ንስደት ከምርሑ ክርኣዩ እንከለዉ፤ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፣ ኣብ ርእሲ ከም ኣሕዋተን ናብ ዓዲ ጓና ምስዳድ፣ ንመርዓ ከም መምለጢ ካብ መደበር ታዕሊም ሳዋ ክጥቀማሉ ተገዲደን ኢየን።

ብተወሳኺ፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ዝወልዖ ትርጉም ዘይብሉ ውግኣት፡ ንደረጃ ትምህርቲ ኣብ ኤርትራ ካብ ዘዳኸሙ ዓበይቲ ረቛሕቲ ሓደ ኢዩ። ኣብ ርእሲቶም ብውግእ ዝሃለቑን ዝሰንከሉን መንእሰያትን መምህራንን፡ እቶም ብህይወት ዝተረፉ ውን፡ ናይ ትምህርትን ናይ ስራሕን ዕድሚኦም ኣብ ድፋዓትን ናይ ውግእ ግንባራትን ኣብ ጽርግያታትን ኣባይትን ግራውትን መራሕቲ ኢዮም ዘሕልፍዎ ዘለዉ።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ንመጋበርያ ኣይኮኑንን ኢዮም ዝበሎም ብቑዓት መምህራን ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ምብራርን፤ ናይ ኣካዳሚካዊ ናጽነት ዘይምህላውን፡ ንናይ ዩኒቨርሲቲ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ኤርትራ ለጠቕ ከምዝብል ገይርዎ ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ወጻኢ ዝጸንሑ ምሁራት ኤርትራውያን ናብ ሃገሮም ተመሊሶም ንህዝቦምን ንሃገሮም ከየገልግሉ ስርዓት ኢሳያስ ዓቢ ዕንቅፋት ኢዩ ኰይንዎም። ኣብ ርእሲቲ፡ ናብ ሃገሮም ንምምላስ ክኸፍልዎ ዘለዎም ማእለያ ዘይብሉ ገንዘብ፡ ኣብ ሃገሮም ምስ ተመልሱ ውን ምስ ስርሖም ዘይዛመድ ትሑት ደሞዝ ስለዝኸፍሎም፡ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ኣይተተባብዑን። እቲ ስርዓት፡ ኣብ ሃገራት ምዕራብን ማእከላይ ምብራቕን ዘለዉ ዜጋታት ኣብ ዘለውዎ ኰይኖም ዶላራት ናብ ኤርትራ ክሰዱ እምበር፡ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ኣይደልዮምን ኢዩ። ፕረሲደንት ኢሳያስ ነዚ ኣመልኪቱ ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል ናይ ግሎባላይዘሽን ዓለም ናብ ንእሽቶ ቍሸት ተቐይራ ስለዘላ፡ ካብ ኤርትራዊ ምሁር ኣምጺእካ ኣሽሓት ዶላር ትኸፍል፡ ካብ ፍሊፒን፡ ካብ ባንግላደሽ፡ ካብ ህንዲ መምህራን ኣምጺእካ፡ ብፍርቂ ናይቲ ኤርትራውያን ዝጠልብዎ ደሞዝ ምቍጻር ይሓይሽ ኢሉ ምዝራቡ ዝዝከር ኢዩ። ውጽኢት ናይዚ ፖሊሲታትዚ፡ ብሓደ ሸነኽ፡ ናይ ወለዲ ኣብ ደቆም፡ መንእሰያት ድማ ኣብ ትምህርቶም ኣንቢረምዎ ዝነበሩ ተስፋን ብሩህ መጻእን ምቕታል ከኸውን እንከሎ፤ ብኻልእ ሸነኽ ድንቍርናን ድኽነትን ኽሰፋሕፍሕ ርሒብ ዕድል ዝኸስት ኢዩ። ድኽነት ድማ፡ ህውከትን ምንዕዓብን ከምዘስዕብ ንምርዳእ ኣጸጋሚ ኣይኰነን።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ነዚ ግጉይ ናይ ትምህርቲ ፖሊሲታትን፤ እቲ ፖሊሲታት እቲ ዘስዓቦ ሕማቕ ሃለዋትን ንምቕያር ዝቃለስ ውድብ ኢዩ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ትምህርቲ መሰረት ናይ ፍልጠትን ምዕባለን ምዃኑን፤ ምዕባለን ብልጽግናን ናይ ሓደ ሃገር፡ ኣብ ስነፍልጠታውን ብቑዕን ምልመላ ናይ ዜጋታቱ ከምዝምርኰስ ኢዩ ዝኣምን። ስለዚ ኢዩ ውን፡ ውድብና ትምህርቲ ክሳዕ 6ይ ክፍሊ ናጻን ግድነታውን ክኸውን ኣለዎ ኢሉ ዝኣምንን፤ ከምኡ ውን፡ መንግስታውን ብሕታውን ኣብያተ-ትምህርቲ ክህሉ ዘተባብዕን።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ንድኽነት ንምስዓር እቲ ቀንዲ መሳርሒ ትምህርቲ ምዃኑ ኢዩ ዝኣምን። ካብዚ ብምብጋስ፡ ኵሎም ናይ ዓመትን ፈረቓን ኣገልግሎት ዝሃቡ መንእሰያት ናብ ናይ ትምህርቲ መኣዲ ክምለሱ ከምዘለዎም ኢዩ ዝርኢ። ከምኡ ውን፡ ተመሃሮ ናይ ገዛእ ርእሶም ናጻ ማሕበራት ክምስርቱን፥ ንመሰላቶም ባዕሎም ክቃለሱን ከምዘለዎም ድማ ይኣምን። እቲ ብስም ማሕበር መንእሰያትን ተምሃሮን ኤርትራ ዝፍለጥ ማሕበር፡ ንጸገማት ናይ ተመሃሮን መንእሰያትን ንምግላጽ ይኹን ንምቅላል ዝወሰዶ ዝኾነ ይኹን ስጕምቲ ዘይምህላዉ፡ መጋበርያ ናይቲ ስርዓት ደኣምበር፡ ተጣባቒ ናይ መሰላት መንእሰያትን ተመሃሮን ከምዘይኰነ ኢዩ ዘረጋግጽ። ናይ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ልክዕ ከምቲ ኣብ መላእ ዓ ለም ዘሎ ዩኒቨርሲቲታት ኣካዳሚካዊ ናጽነቱ ክሕለወሉ ይግባእ ንብል። ምምሕዳር ዩኒቨርሲታት ብክኢላታት ወይ ፕሮፈሽናልስ ደኣምበር፡ ብመን ኢዩ መጋበርያ ዝኾነኒ ዝብል መዐቀኒታት ክግዛእ የብሉን።

ኤርትራዊ መንእሰይ ውን፡ በዚ ዘጋጥሞ ዘሎ ጸገማት ከይተዳህለ፡ ኣብ ዘሎ ሃልዩ ትምህርትን ፍልጠትን ንምቕሳም ኵሉ ዝከኣሎ ጻዕርታት ክገብር፤ እቶም ትምህርትን ዓቕምን ዘለዎም ዜጋታት ድማ፡ መንእሰያት ኤርትራ ናብ ትምህርቲ ከድህቡ ከተባብዑን ክተሓባበሩን፤ ከም ምሁራት ዜጋታት ደማ ካብኦም ዝጥለብ ግቡኣት ክፍጽሙን ሃገራዊ ሓልፍነቶም ምዃኑ ክዘንግዑ የብሎምን።